# ህዝቢ ኣሜሪካ ተቓሊሱ ንባራክ ኦባማ መሪጹ።
# ህዝቢ ኤርትራኸ ምዓስ'ዩ ኤርትራዊ ኦባማ ክመርጽ?

ኣብ ዓለም ኩሉ ግዜ ሓዲሽ ኮይኑ ዝነብር ነገር የልቦን። ዘይቅየር ከኣ የልቦን። ንኣብነት ሓደ ሰብ ይውለድ ይኣርግ ይመውት። ሓደ መራሒ ሃገር ይሽየም: ግቡኡን ግዜኡን ምስ ኣብቅዐ ድማ ካብ ስልጣኑ ይወርድ። ብኻልእ ካብኡ ዝሓሸ ድማ ይትካእ። እዚ ባህርያዊ መስርሕ'ዩ። ኣብ ሓደ ሃገር ለውጢ ክመጽእ ባህርያዊን መጐታዊን'ዩ። ኣብ ሓደ ህዝቢ ዝኾነ ይኹን ለውጢ ባዕሉ ኣይኮነን ዝመጽእ። ህዝቢ'ዩ ሓቢሩን ተቓሊሱን ዘምጽኦ። መኽንያቱ ከኣ ሓደ ህዝቢ ዋና ሃገሩ ስለዝኾነ: ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ለውጢ ከምጽእ ግዴታዊ ሓላፍነቱን'ዩ። ብዘይ ለውጢ ምዕባሌ የልቦን። ብዘይ ለውጢ ከኣ ህይወት የልቦን። ሓደ ህዝቢ ድማ ለውጢ ከምጽእ እንተዘይክኢሉ ኣይምዕብልን'ዩ። ቅጫ'ውን ኣብ መቐሎ ከላ ኣንተዘይተገልቢጣ ትሓርር'ያ። ሓደ ህዝቢ ለውጢ ከምጽእ ዘይክእል እንተድኣ ኮይኑ ከኣ: ከይማዕበለ ንኹንቱ ባህርያዊ ሞት ይቕድሞ። ስለዚ ወዲ-ሰብ ካብ ኣንስሳ ዝሓይሽ ህይወት መታን ክሕልፍ: ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ተቓሊሱ ለውጢ ምዕብልናን ብልጽግናን ከምጽኣ ጸኒሑ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣንሆ ትማል ምዓልቲ ኣብ ኣሜሪካ ርኢናዮ። ከምኡ ድማ ኣብ ኤርትራ የርኤና።

ስለዚ እቲ መስርሕ ቃልሲ ከምኡ ስለዝኾነ: ፕረሲደንት ጆርጅ ዳብልዩ ቡሽ ድሕሪ 8 ዓመታት ኣገልግሎቱ ስለዘብቅዔ: ብዕለት 20 ጥሪ 2009 ብኣፍሪቃዊ-ኣሜሪካዊ ባራክ ኦባማ ተተኪኡ። ብፍላይ ኣብ ኣሜሪካ: ብሓፈሻ ከኣ ኣብ ምሉእ ዓለም ከኣ ተኣምራታዊ ለውጢ ተራእዩ። ጸሊም ሕብሪ ዘለዎ ኣፍሪቃዊ-ኣሜሪካዊ ባራክ ኦባማ መበል 44 ፕረሲደንት ኣሜሪካ ኮይኑ ድማ ተሸይሙ። ኣብ ምሉእ ዓለም ሓደ ሓዲሽ መድረኽ ተራእዩ። ህዝቢ ኣሜሪካ ድማ ኣብ ክንዲ ፍርሒ ተስፋ ከምዝመረጸ ኣረጋጊጹ። ኣብ ክንዲ ሕፍረት ከኣ ኵርዓት ሓርዩ። ለውጢ ስለዝደለየ ድማ ንፕረሲደንት ባራክ ኦባማ መሪጹ።

ኣብ ኤርትራድኣ ስለምንታይ እዩ ክሳብ ሎሚ ለውጢ ዘይመጸ? ርግጽ'ዩ ኣብ ኤርትራ ካብ 1993 ዓ.ም. ክሳብ 2009 ዓ.ም. ብስም ግዝያዊ መንግስቲ ጥራይ: ዛጊት 18 ዓመታት ፕረሲደንት ኢሰያስ በይኑ ኣብ ስልጣን ኣሎ። ኣብ ኣሜሪካ ግን ኢሰያስ ኣብ ስልጣን ጥራይ ከሎ: ድሮ ሰለስተ ፕረሲደንትታት ተቐይሮም። ስለምንታይድኣ ኣብ ኤርትራ ን18 ዓመታት ዝኣክል: ሓደ-ሰብ ንበይኑ ከይተቐየረ ክሳብ ዝኣርግ: ኣብ ስልጣን ይቕጽል ኣሎ? ህዝቢ ኤርትራ ንፕረሲደንት ኢሰያስ ድዩ ተቓሊሱ ወይስ ንህዝቢ ኤርትራ? ህዝቢ ኤርትራ ለውጢ ዘይገበረ ለውጢ ዘይደሊ ስለዝኾነ ድዩ? ህዝቢ ኤርትራ ካብ ተስፋን ምዕባሌን: ፍርሕን ራዕድን ስለዝሓረየ ድዩ? ኣይፋሉን ህዝቢ ኤርትራ ደላይ ሰላምን: ደላይ ነጻነትን ደላይ ዲሞክራሲን'ዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ'ዩ: ህዝቢ ኤርትራ ን40 ዓመታት ዝኣክል መሪር ቃልሲ ኣሰላሲሉን: ክቡር ዋጋ ከፊሉን። ነታ ዝሓልማን ተስፋ ዝገብረላን ዝነበረ ነጻነት ድማ ኣምጺኡዋ። ነቲ ዝበርትዔ ዕማም ዓሚሙ ከብቅዕ ግን: ነተን ዲሞክራስን ለውጥን ዝብላ ነገራት: ገና ከተግብረን ኣይከኣለን። ባህርያዊ ስለዝኾነ ግን ውዒሉ ሓዲሩ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ለውጢ ከምጽእ እዩ።

ሎሚ ኩሉ ሰብ ከምዝፈልጦ: ኣብ ውሽጢ ኣሜሪካ: ቍጠባዊ ቅልውላው ኣትዩ'ሎ። ስራሕ-ኣልቦነት በዚሑ። በቲ ኣብ ውጻኢ መንግስቲ ኣሜሪካ ዝፍጸሞ ዘሎ ኲናት: ንኣብነት ኣብ ኢራቕን ኣፍጋኒስታንን ኣፍሪቃን ወዘተ..ከሲሩ'ዩ። ክብርን መልክዕን ኣሜሪካ ድማ ካብቲ ዝነበሮ ጕዲሉ'ዩ። በቲ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ጓውታናሞን ኣቡግረይብም ዝፍጸም ዘሎ: ካብ ስሩዕ ቤት-ፍርዲ ዝወጸ ዘይሰብኣዊ ኣገባብ ኣተሓሕዛ እሱራት ድማ: ኵርዓትን መልክዕን ህዝቢ ኣሜሪካ ኣዝዩ ተሃስዩ እዩ። ብኸምዚ ክቕጽል ስለዘይክእል ድማ ህዝቢ ኣሜሪካ: ሓዲሽ ለውጢ ከምጽእ ተቓሊሱ። ንዲሞክራሲ ፓርትን ንኦብማን ክመርጽ ድማ ወሲኑ። ትዓዊቱ ከኣ። ከምኡ ጥራይ የማስለና።

ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ቍጽሩ ውሑድ ክነሱ: ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ዓጸቦን ድኽነትን: ንህዝቢ ኤርትራ ዘይኮነስ ንምሉእ ዓለም ኣስደሚሙዎ'ሎ። ኣብ ኤርትራ ሎሚ ቍጠባ መሬት ዘቢጡ። ህዝቢ ኤርትራ ሓንቲ ባኒ ንኽረክብ: ካብ ደርሆ-ነቆ ጀሚሩ: ኣብ ኣፍደገ እንዳ-ፎርኖ ተሰሪዑ ጭንን ክብል ይውዕል ኣሎ። ኩሉ ህዝቢ ስራሕ-ኣልቦ ኮይኑ።መንእሰያት ካብ ገዝኦም ተገፊፎም "ሃገራዊ-ኣገልግሎት" ብዝብል ጐልባብ: ኣብ ፈቐዶ በረኻታት ኤርትራ ብባርነት የሕልፍዎ ኣሎው። ካብ "ሃገራዊ-ኣገልግሎት" ሃዲሞም ድማ: ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ሃጽ ኢሎም

ይጠፍኡ ይበሩ ኣለው። እከኣሎ ነዚ ዲና ተቓሊስና ኣንዳበሉ ዓሕ-ዋይ ኣነሼ! ይብሉ ኣለው። ኣብ ስደት ዘሎው ሓፋሽ ውድባት ድማ ኣስመራ በበጺሖም እንዳተመልሱ: እንታዩከ ክኸውን ንሓዋሩ ሃገር ጠፊኣ ህዝቢ ተበዲሉ እንዳበሉ የጕረምርሙ ኣለው።መንግስቲ ኤርትራ ግን ብኣንጻሩ ነዚ ኵሉ ውሽጣዊ ሽግራት ረሲዑ: ኣብ ጕዳይ ዶብን: ጕዳይ ጂቡትን: ጕዳይ ሱዳንን የመንን: ቀዳምነት ሰሪዑ ግዜ የሕልፍ ኣሎ። <u>ህንጻ-መንግስትን ሕገ-መንግስትን ረሲዑ ከኣ: ንደቂ-ሃገር ብዘይ ፍርድን ብዘይ ብይንን: ኣብቲ ካብ ቤት ማሕቡሳት ጓውታናሞን ኣቡግረይን ዝገደደ ኣብያተ ማሕቡስ ኤርትራ ይጓርቶም ኣሎ</u>። ትዓዘብቲ ከምዝብሉዎ "ኣብ ግዜ ሰውራ ብሓለዋ-ሰውራ ዝፍለጡ: ሓያሎ  ካብ <u>ጓውታናሞ ዝኸፍኡ</u> ቤት-ማሕቡሳት ነይሮም'ዮም። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ግን: ካብ ኣብያተ-ትምህርታት ንላዕሊ ብዙሓት ኣብያተ-ማሕቡሳት ተሰሪሖም ኣለው። ካብ ኣቡግረይን ጓታናሞን ዝገደደ ኢሰብኣዊ ግፍዒ ዝፍጸመሎም ዘሎ ዓለም ዘይዝክሮም እዮም" ይብሉ። እምባኣር ህዝቢ ኤርትራ ስለምንታይ ኢና ነዚ ኩሉ ኣርኪብናሉ? እዚ ኩሉስ ንዓና: ከምዚ ኢልናስ ክሳብ መዓስ ኢና ተጸሚምና ከነሕልፎ? ሕጂስ ይኣክል? "<u>ህዝቢ ኣሜሪካ ተቓሊሱ ንኦባማ ኣምጺኡ: ንሕና ድማ ኤርትራዊ ኦባማ ሕጂ የድልየና ኣሎ" ኢሉ: ተስፋን ብልጽግናን ቅሳነትን ከምጽኣሉ ዝኽእል: ብቑዕን ተባዕን ንጹህን ኤርትራዊ ኦባማ ክምጽእ ክልዓል ኣለዎ</u>። ኣምላኽ ይሓግዞ። ኣሜን!

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓጺር እዋን ኤርትራዊ ኦባማ ከምጽእ እዩ።

ብሓልዮት ጕጅለ ደቀባ-ኤርትራ
22 ጥሪ 2009 ዓ.ም